# ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣኼባኡ ዛዚሙ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**01.08.2008**



ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 1 ነሓሰ 2008 ዓ.ም ክካየድ ዝጸንሐ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ብዓወት ተዛዚሙ። ማእከላይ መሪሕነት፡ ኣብ ናይ ሎሚ ኣኼባኡ ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ክትግበር ዘለዎ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ሓንጺጹ። ከምኡ ውን፡ መሪሕነት ሽማግለ ቊጽጽርን ምክትታልን መዚዙ።

ብዛዕባ'ታ ኣብ ዝመጽእ ጉባኤ ሕጹያት እተቐርብ ሽማግለ ሕጹያት መሪሕነት ሰልፊን ብዛዕባ ማእከል ምርምርን መጽናዕትን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዘድሊ መጽናዕትን መምርሒታትን ክገብር ወኪልዎ።

ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ፡ ኣገደስቲ ለበዋታት ብምቕራብ ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ። መብዛሕትኦም ካብ ሃገራት ምዕራብ ዝመጹ ወከልቲ፡ ናብ'ቲ ካልኣይ ውራይ፡ ማለት መበል 23 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ ገጾም የምርሑ ኣለዉ። ናይ ሎም ዘበን ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ብሓድሽ ሓበሬታን ብሓድሽ ራእይን ተሰንዩ ብድሙቕ ኣገባብ ክሰላሰል ሰፊሕ ምድላዋት ተገይርሉ ኣሎ።

